

# መንፈስ ቅዱስ ተሞክሮታት

መም ተኪአ መብራህቱ

“እንሆ፡ ኣነ ተስፋ ኣቦይ ክሰደልኩም እየ፡፡ ንስኻትኩም ግና *ካብ ላዕሊ ሓይሊ ክሳዕ እትለብሱ፡* ኣብ ከተማ የሩሳሌም ጽንሑ፡ በሎም፡፡” (ሉቃስ 24፥49)

“መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ *ሓይሊ ክትቅበሉ፡* ኣብ የሩስሌምን ኣብ ኲላ ይሁዳን ኣብ ኲላ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም፡፡” (ግብ 1፥8)

“ሃዋርያት ከኣ *ብብዙሕ ሓይሊ* ብዛዕባ ትንሳኤ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ይምስክሩ ነበሩ፡፡ ኣብ ኵሎም ከኣ ዓቢ ጸጋ ነበረ፡፡” (ግብ 4፥33)

## ጸራቅሊጦስነት መንፈስ ቅዱስ

### ቀዳማይ ትምህርቲ

ንነዊሕ እዋን ኣብ ትሕቲ “ንኣምን ብስላሴ” ዚብል ኣርእስቲ ተጥርኒፉ ዝቐረበ ተከታታሊ ትምህርትታት ተዛቲናስ ደምዲምናዮ። ቀጺልና ኣብ ትሕቲ ጸራቅሊጦስነት መንፈስ ቅዱስ ዚብል ኣርእስቲ ዝተጠርነፈ ተከታታሊ ትምህርቲ ክንዛተ ኢና።

ብጥርንፍ ዝበለ፡ ትምህርቲ ክርስትያን ሃይማኖት ኣብ ዝስዕቡ ዓበይቲ ነጥብታት እተጠርነፈ እዩ፡፡

1ይ ብዛዕባ ስነ-መለኮታዊ እምነት፡
2ይ ብዛዕባ እተነጸረ ህይወት፡
3ይ ብዛዕባ እተነጸረ ሕብረት፡
4ይ ብዛዕባ እተነጸረ ተልእኾ፡
5ይ ብዛዕባ እተነጸረ ተስፋ እዩ፡፡

ነዚ ብሓሙሽተ ኣርእስትታት ክዕ መም ዝክኣል ትምህርቲ ብዛዕባ ክርስትያን ሃይማኖት ኣብ ክልተ ጕጅለ ከፊልና ክንምሃሮ ንክእል ኢና - ብስነ ኣእምሮኣዊ ምርዳእ ክንምልከቶ ከሎና ብዛዕባ ስነ-መለኮት ናይ ክርስትያን ሃይማኖት እዩ፡፡ ብምርዳእ ናይ ተመክሮን ስነ-ምግባርን ክንምልከቶ ከሎና ድማ ብዛዕባ ጸራቅሊጦስነት መንፈስ ቅዱስ እዩ፡፡

ጸራቅሊጦስ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ብዛዕባ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወት እቲ ኣማኒ ዝሕብር እዩ፡፡ ጸራቅሊጦስ ማለት፡ መንፈስ ቅዱስ ብቐረባ፡ ብተመክሮ ብጻዩ ዝኾነ ሰብ፣ ኣምላኽ ዝጸገዎ ሰብ እሞ ፍረ ናይ እዚ ድማ ኣብ ህይወቱ ብብዙሕ መገድታት ዝልለ ሰብ የመልክት፡፡

መንፈስ ቅዱስ ኣብኦም ዘሎ



ክርስትያናት ምእንቲ ኸንከውንሲ፡ እዚ ተኸታታሊ ትምህርትታትና፡ ንሓያሎ እዋናት ብዛዕባኡ ኪኸውን እዩ፡፡ ከምኡ ኪኹነልና ድማ ጸሎትና ዘየባትኽ ይኹን።

ቀዳማይ ኣርእስቲ ትምህርትና ብዛዕባ ዋሕዲ ጸራቅሊጦስነት መንፈስ ቅዱስ ኣባና ኣብ ኣመንቲ እዩ። ከነለልዮ፡ ክንእመኖ፡ ብዛዕባኡ ክንምህለል ኣምላኽ ይሓግዘና።

1. ዋሕዲ ጸራቅሊጦስነት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ኣመንቲ:
   1.1 መንፈሳዊ ደርቂ ኣሎና፡፡
   1.2 መተካእታ ዘይብሉ ጸጋ እዩ፡፡
   1.3 ተስፋታቱ፡ ዘበርዓኑዶ ዘሰስሰኑ ኣመንቲ ኢና?
   1.4 ተልእኮና ብምንታይ ይስፈር?

## 1.1. መንፈሳዊ ደርቂ ኣሎና፡፡

ዝናም ጠፊኡ ደርቂ ምስ በርትዐ፡ መሬት ይነቅጽን ፈንካሕካ ይብልን፡ ዶሮና ይበዝሑ፡ ኣብ ሳነቡእና ይኣቱን ይስርንቐናን፡ ሩባታት ወሓዚ ዘይብሎም ይኾኑ፡ ሳዕሪ ይሓርር፡ እንስሳታት ይግዕሩ፡ ዝስተ ስኢኖም ድማ፡ ኣስኬረን ይኮኑ፡፡

ካብ ስጋዊ ደርቂ ዝገደደ መንፈሳዊ ደርቂ ድማ ኣሎ፡፡ ህላውነቱ እንተ ነለልዮ ድማ ምተነሳሕና፡ ዝናም መንፈስ ስደደልና ኢልና ምተማህለልና እሞ፡ መንፈሳዊ ደበናታት ቅልቅል ኢሉ ማይ ምሰረበ፡ ተስፋ ድማ ምረከብና፡፡ ምስ ዘነመ ድማ ህይወት ንረክብ፡፡

መንፈሳዊ ደርቂ ኣሎ፡፡ ካብ ላዕሊ ክትውለዱ ናይ ግድን እዩ ይብል እቲ ቃሉ፡፡ ቤተ ክርስትያናትና ግና ከምኡ ኰይኖም ዝውለዱ ከይሃለዉና ነዋርሕ ጥራይ ዘይኰነስ ንዓመታት ንከይድ ኣሎና፡፡ መንፈሳዊ መካናት ምኳንናስ ኣየተሓሳሰበናንዶ? ማህጸና ከም ዝነቐጸ ወላዲት፡ ጡባ ከም ዝነጸፈ ኣደዶ ኴንና የሎናን? ካብ ማሕበር ናብ ማሕበር እናከድና፡ ናይ ብመንፈስ እተወልዱ ኣባላት ማሕበር ጸብጻብ ሃቡ እንተ ዝብሃልሲ እንታይ ኮን ምተረኽበ?

ኣብያተ-ክርስትያናት ብትእዛዝ መንግስቲ ይዕጸዉ ኣለዉ፤ እቲ ተከፊቱ ከሎ ዝከድዎ ዝነበሩ ግና ቍንጣሮ እዮም፡፡ መጽሓፍ ቅዱስ ብቛንቋና ተተርጒሙ፤ ዘንብብዎ ግና ቝንጣሮ እዮም፡፡

እቶም ሰይጣናውያን ተጻባእትስ ናቶም ኰይኑ ተጻብኦታቶም ይገብሩ፡፡ ኣመንቱከ ስለምንታይ ባዕልና ንጥንጥኖ? መንፈሳዊ ደርቂ ኣብ ማእከልና ኣሎ፡ ከነለልዮን፡ ክንእመኖን ክንንስሓሉን ዝግብኣና፡፡ ሕማምናን ዓገብናን ምልላይ መጀመርታ ናይ ፈውስና ምርካብ እዩ፡፡ እስከ ብዛዕባ እዚ ክንምህለል በብግልና ንጀምር። (2ይ ዜና 7፥14)

## 1.2. መተካእታ ዘይብሉ ጸጋ

እንይነተሎም ዝኣክል ገንዘብ እንተ ዝህልወና፡ ብቑዓት ምሁራት እንተ ዝህልዉና፡ እኩላት ኣገልገልቲ እንተ ዝህልዉና፡ እተሳመረ ፕሮግራማት ናይ ኣኬባታት፡ ናይ ቪድዮታት፡ ናይ

መዛሙር፡ ናይ ጽሑፋት . . . እንተ ነዳሉ፣ እሞ እዚ ኩሉ ጌርናስ ሓይሊ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ዘይብሎም ምስ እንከውንሲ ምንያትናስ ረብሓሉ እንታይ እዩ? ራእ 3፡17 ከምዚ ዚብል መልሲ ንረኽበሉ፡

*"ሃብታምን ፈሳስን እየ፣ ሓንቲ ዝደልዮ ነገር እኳ የብለይን ብምባልካ፣ ሕሱርን ዜደንግጽን ነዳይን ዕዉርን ዕሩቕን ምዃንካ ኣይትፈልጥን ኢኻ ዘሎኻ።"*

ህላውነት መንፈስ ቅዱስ ኣባና፡ ሓይሊ ኣምላኽ ዘለዎምም ምኳንና ዋና መለለይና ይኩን፡፡ ዋና መለለይኡ ድማ ብዝሒ ናይቶም ብኻልኣይ ልደት ናብ ኣምላኽ ዝምለሱ፡ ብጺጋ ዝኾስኮሱ፡ ስድራ ኣምላኽ ዝኾኑ፡ ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል ዝዕጠቑ ኣመንቲ ክበዝሑ ክለዉ፡ ዋና መለለይኡ እዩ፡፡ ሽዑ መንፈስ ቅዱስ ምሳና ከም ዘሎ ምልክት እዩ፡፡

ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 2፡41-47 ከም ዝሕብሮ እቶም ቀዳሞት ክርስትያናት ብዛዕባ እዚ ኣርኣያና እዮም። ኣሰሮም ኰታ እንተ ንኽተል!

## 1.3. ተስፋታቱ ዘበርዓኑ ኣመንቲዶ ዘሰስኑ?

ብርሃኖም ትሕቲ ከፈር፡ ጨዎም ሕሽመት፡ ፍሬኦም ሃጉ፡ ዕጥቆም ፍቱሕ ክንከውን፡ ዕልልታ ናይ ብመንፈስ እተወልዱ ዘይንዕልል ማሕበርን ኣመን ትን ክንከውን ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኮነን፡፡ ቁም ነገር ኣቐልቅል ኣቢልና እንፈሽል፡ እነበርዕን፡ ክንከውን ፍቓዱ ኣይኮነን።

ካብ ነብይ ዮሃንስ ዝዓቢ፡ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ዘጥምቐና የሱስ ክርስቶስ ከሎናስ ድኩማትን ነዳያትን መበርዓንትን ክንከውንሲ ኣይገርምንዶ? ብመንፈስ ቅዱስ እተጠመቐ ኣመንቲ ምዃን ብምስላ ከም ብሓዊ እተጠምቀ ይብሎ። ብባህሊ ትግርኛ እንተ ተርጒምናዮ እዚ፡ "ሓዊ-ሓዊ ዝጨንዉ" ከም ማለት እዩ። ምልክት ናይ ድኻምን ምሕላልን ዘይብሎም፡ ብቅዱስ መንፍዓት እተመልኡ ማለት እዩ።

ኣብ ወንጌል ሉቃስ፡ ኣብ 3፡16 ከምኡ ድማ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ 2፡32-33 ንመልከት።

የሱስ ክርስቶስ ዘተስፈዎ ዘይጠልም እዩ። ዮሃ 7፡37-38፡፡ በረከት መንፈስ ቅዱስ ተቐቢሎም በረከት ህይወት ዘውሕዙ ክንከውን እዩ መደቡ፡፡ እንታይ ድኣ ኰይኑ እዩ ወንጌልና ኣብ ክንዲ ዝውሕዝሲ ቍንጣሮን ዕቛርን ዕ ያግን ኰይኑ ዘሎ? እቲ ቍንጣሮኡ ክንድዚ በረኸት ካብ ሃበናስ ምልኣቱ ድኣ ክንደይ ሽሻይ ምኾነልና!

ዘተስፈወና ተስፋን ዝሓንጸጸልና ሕድርን መደብን፡ ዝቐረበልና ዓቕምን ብዛዕባ ዕዮ ወንጌል ንስምዓዮ፡፡

ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 14፡12፡ ይብል፡ "... እቲ ብኣይ ዚኣምን ነዚ ኣነ ዝገብሮ ዘሎኹ ግብርታት ከም ዚገብር፡ ካብኡ ዚዓቢውን ከም ዚገብር ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡፡"



ብባህርያዊ ኣዘራርባ እዚ ዘይክኣል ሕልሚ እዩ ምበልና፡፡ ንእኡ ዝከውን ብቕዓት ከም ዘዳለወልና ግና ይነግረና፡፡

ሉቃስ 24፡46-49፡፡

"ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኪጸግብ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ካብ ምዉ ታት ኪትንስእ፡ ብስሙ ከኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ካብ የሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኵሎም ኣህዛብ ኪስበክ ጽሑፍ እዩ፡፡ በዚ ንስኻትኩም ምስክር ኢኹም፡፡ እንሆ፡ ኣነ ተስፋ ኣቦይ ክሰደልኩም እየ፡፡ ንስኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ ሓይሊ ክሳዕ እትለብሱ ኣ ብ ከተማ የሩሳሌም ጽንሑ በሎም፡፡"

ድሕሪ ኣርብዓ መዓልቲ ድማ፡ ደጊሙ ኣክሪሩ ከም እተዛረቦም ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 1፡4-5,8 ንመልከቶ፡፡

## 1.4. ተልእኾና ብምንታይ ይስፈር?

እቲ ነቶም ቀዳሞት ክርስትያናት እተዋህቦም ተስፋን ትእዛዝን ክሳዕ እቲ ጕይታ ዝምለስ ተልእኾኦም ከማልኡ ንዲማ እዩ፡፡ ንሳቶም ኣብነትና ኣርኣያና እዮም፡፡ ስለዚ ንኣታቶም ጥራይ ዘይኮነስ ንኣና ድማ እዩ፡፡ ስለዚ ድማ ኣርኣያኦም መስፈሪናን መምርሒናን እዩ፡፡ እስከ ስእሊ ናይዞም ኣርኣያና ዝኾኑ ንመልከቶ፡፡

ግብሪ ሃዋርያት 1፡14፡፡ እዚ ተስፋ እዝን ትእዛዝን ምስ ተቐበሉ፡ ተቐላ ጢፎም፡ ውዕል ሕድር ዘይብሉ፡ ዘርጠብ ጠብ ዘይብሉ፡ "... እዚኣቶም ኵሎም . . . ከየብኰሩ ሓቢሮም ይጽልዩ ነበሩ" ይብለና፡፡ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ክለብሱ ይጽበዩ ነይሮም፡፡ (ግብ 2፡1-4ን 6ን 11-13)

"ኣብ መበል ሓምሳ መዓልቲ ድማ ኵላቶም ሓቢሮም ብሓንሳእ ነበሩ፡፡ ብድንገት ከኣ ከም ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ ካብ ሰማይ ደሃይ መጸ፡ ነታ ኣብኣ ተቐሚጦምዋ ዘለዉ ቤት ውን ንብዛላ መልኣ፡፡ እተመቓቐለ ልሳን ሓዊ ዚመስል ድማ ተራእዮም፡ ኣብ ልዕሊ ነፍስወከፍ ከኣ ተቐመጠ፡፡ ኵሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፡ መንፈስ ቅዱስ ኪዛረቡ ከም ዝሃቦምውን ብካልእ ቋንቋታት ኪዛረቡ ጀመሩ፡፡ ... እዚ ደሃይ እዚ ምስ ኮነ፡ ብዙሕ ህዝቢ ተኣከበ፡፡ ... ዚብልዎ ጠፍኦም ... ብዛዕባ እቲ ዓ ብዪ ግብሪ ኣምላኽ ኪዛረቡ ንሰምዖም ኣሎና፡፡ ኵላቶም ሰምቢዶም ንሓድ ሕዶም፡ እዚ ነገር እዝስ እንታይ ኰን ይኸውን እናተባሃሃሉ፡ ዚብልዎ ሰኣኑ፡፡ ገሊኦም ግና፡ እናኣላገ ጹሎም፡ እዚኣቶም ጕዕ ሜስ ጸጊቦም እዮም በሉ፡፡"

እንተ ብተዓዘብቲ ክንኣዱ እንተ ተዓዘብቲ ኸላግጹሎም፡ ዘገርም ዝልለ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ማእከሎም ነይሩ፡፡ መለዮና፡ መስፈሪና፡ ዕጥቅና፡ ተልእኾና ድማ ንሱ እዩ፡፡

ህላውነት መንፈስ ቅዱስ ኣባና፡ ሓይሊ ኣምላኽ ዘለዎምም ምኳንና ዋና መለለይና ይኩን፡፡

ቀጻሊ ትምህርቲ

## ሓደራ! ሓደራ! ሓደራ!

እቶም ብስራት መጽሄት ኣብ ቤትኩም ዝመጽኣኩም፡ ኣድራሻ ክትቅይሩ ከለኹም ብዓንተቦ ንገሩና። ንዓና ዓቢ ሓገዝ እዩ። መጽሄታት ክምለስ ከሎ፡ ናይ መምለሲኡ'ውን የክፍሉና እዮም።

ስለዚ ነዚ ዘየድሊ ክፍሊት ካብ ምክፋል ምእንቲ ክንድሕንሲ፡ ምትሕብባርኩም ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። እንተ ተካኢሉ ብቴለፎን ወይ ብኢ-መይል፡ እንተ ዘይጠዓመ ከኣ ሽርጥጥ ኣቢልኩም ክትሰዱልና ነተሓሳስበኩም። Editor@Besserat.org

እቶም መልሲ ናይ ወጥሪ ሰንጠረዣት ከነውጽእ ጊዜ ወሲድኩም ዘዛሻሽርኩምና ነመስግነኩም። እዚ መፍትሕ ሰንጠረዥ ናይ ቍጽሪ 5 ኣብ ሕታም ቍ 39 ወጺኡ ዝነበረ እዩ። ናይ እታ ዝሓለፈት ኣብታ እትመጽእ ክወጽእ እዩ።

| | | | | | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 ኣ | ዒ | 1 ን | ቶ | ም | | 3 ሕ | ብ | 4 ር | ታ | 5 ት | | 6 ም | ና | 7 ሴ | |
| | | ጉ | | 2 ር | ሃ | ብ | | ብ | | ን | | ስ | | 4 ት | ኪ |
| 8 ክ | ር | ስ | ቶ | ስ | | 5 ስ | ም | ዒ | | 7 ሳ | ራ | | 9 መ | | |
| ሳ | | | | 9 ታ | ሕ | ቲ | | | | ኤ | | 10 ና | ዝ | ራ | 10 ዊ |
| ድ | | 11 ኣ | 11 ባ | ይ | | | 12 ኩ | ር | 13 ባ | | | | ሙ | | ን |
| | | | ና | | | | ና | | 13 ራ | ማ | | 14 ት | ር | 14 ግ | ሣ |
| | 15 ወ | | | 16 ወ | | 17 ኣ | ማ | ሌ | ቕ | | 18 ደ | | | ቡ | |
| 15 ጊ | ን | ሳ | ሬ | ጥ | | ማ | | | | | 16 ገ | 19 ማ | ሊ | ኤ | 20 ል |
| | ገ | | | ሪ | | 18 ኑ | ዛ | 22 ዜ | | | | ሕ | | 19 ን | ዑ |
| 21 መ | ል | 23 ኣ | ክ | | | ኤ | | 20 ና | ሕ | ሲ | | ተ | | | ል |
| ን | | ብ | | 22 ዮ | 25 ኤ | ል | | | | | 24 ክ | ም | ለ | 26 ስ | |
| 23 ክ | ብ | ር | ቲ | | ል | | 27 ር | | 25 ጳ | 28 ዕ | ዳ | | | 26 መ | ረ |
| ር | | ሃ | | | 27 ሳ | ሙ | ኤ | ል | | 28 ዳ | ን | ኤ | ል | | |